**<u>፰. ቀዳም ስዑር</u>**

ብዕለት ቀዳም ቅድመ ሥጋዌ “ወአዕረፈ እግዚእነ እምኵሉ ግብሩ ዘአኀዘ ይግበር” በታ ሻብዓይቲ መዓልቲ ኻብቲ ኸሉ ኺፈጥሮ ዝቓነየ ኣዕረፈ፣ ዘፍ፡-2፣3 ይብል። ድኅረ ሥጋዌ ውን ናይ ኵሉ ኸኣሊ ዝኾነ ለዋህ ጐይታ ሥራሕ ድኅነት ፈጺሙ ኣብ ከርሢ መቓብር ዘዕረፈላ ዕለት እያ፣ እዛ ዕለት እዚኣ ቐዳም ሥዑር ትብሃል፣ እዚ ድማ፣-

ሀ. ብቐዳም ኣይትጹሙ ዝብል ሕጊ ተሳዒሩ። ብጾም ስለዝወዓል እያ፣ ማቴ. 9፡-15፣

ለ. ሰይጣን ተሳዒሩ ገነት ተኸፈታትሉ ዝወዓለት ዕለት ስለዝኾነት እምበር ካልእ ኣይኮነን።

ናብ ብርሃነ ትንሣኤኡ ብሰላም የብጽሓና!

ወስብሐት ለእግዚአብሔር